ተስፋ ንዝመንዘራ

ኢየሱስ ከዓ ቕንዕ ኢሉ “ኣቲ ሰበይቲ፥ እቶም ከሰስትኺ ደኣ ኣበይ ኣለዉ? ዝፈረደኪዶ የለን?” በላ። ንሳ ኸዓ “ሓደኳ የለን፥ ጐይታይ” በለቶ። ኢየሱስ ድማ “ኣነውን ኣይፈርደክን እየ፤ ኪዲ እሞ ደጊም ሓጢኣት ኣይትግበሪ” በላ። ዮሃንስ 8:10-11

ደጋጊሞም ምስ ጠየቕዎ ኸዓ፥ ቅንዕ ኢሉ “ካባኻትኩም ሓጢኣት ዘይብሉ፥ ኣቕዲሙ ብእምኒ ይውቀዓያ” በሎም ዮሃንስ 8:7

ንሓጥኣን ናብ ንስሃ እምበር፥ ንፃድቃን ክፀውዕ ኣይመፃእኹን” ኢሉ መለሰሎም። ሉቃስ 5:32

ምሉእ ብምሉእ ክንርድኦ ዜድልየና ኣርባዕተ ሓቅታት ኣሎ ፦

1 ኣምላኽ የፍቅረካ እዩ ።

ኣምላኽ ምስኡ ኣብ ሰማይ ዘለኣለማዊ ህይወት ክህልወካ ኢዩ ዝደልየካ ።
ኩሉ ብእኡ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእስ፥ እግዚኣብሄር ንሓደ ወዱ ቤዛ ገይሩ ኺሳዕ ዝሀብ፥ ክንድዚዩ ንዓለም ኣፍቀሮ። ዮሃንስ 3:16
ኣምላኽ ኣኺሉ ዚተርፍን ትርጉም ዘለዎን ህይወት ኪህልወካ እዩ ዚደልየካ ።
እቲ ሰራቒ ግና፥ ክሰርቕን ክቐትልን ክጥፍእን እንተ ዘይኮይኑ ኣይመፅእን እዩ፤ ኣነ ግና፥ ህይወት ምእንቲ ኺረኽቡን ኸበዝሓሎምን እየ ዝመፃእኹ። ዮሃንስ 10:10

2 ሰብ ብተፈጥሮኡ ሓጥእ እዩ ። ስለዚ ካብ ኣምላኽ ተፈልየ ።

ኩሎም በዲሎም እዮም፤ ክብሪ እግዚኣብሄር ከዓ ጐዲልዎም እዩ። ሮሜ 3:23 ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፥ ውህብቶ ፀጋ እግዚኣብሄር ግና፥ ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሮሜ 6:23
እቶም ፈራሓትን፥ ዘይኣምኑን፥ ርኹሳትን፥ ቀተልቲ ሰብን፥ ኣመንዝራታትን፥ ጠንቈልትን፥ መምለኽቲ ጣዖትን፥ ኩሎም ሓሰውትን ግና፥ ክፍሎም ኣብቲ ብሓዊን ዲንን ዝነድድ ቃላይ እዩ፤ እዚዩ እቲ ኻልኣይ ሞት እዩ” በለኒ። ራእይ 21:8

ሰብ ብሰንኪ ሓጢኣቱ ኻብ ኣምላኽ ዚፍል እንተ ኾይኑ ነዚ ጸገም እዚ ፍታሕ ዚኾነሉ እንታይ እዩ ? መብዛሕትኡ ግዜ ነዚ መፍትሒታት እዚ ኸም ሃይማኖት ሰናይ ግብሪ ስነ-ምግባር ጌርና ኢና እንርእዮ ይኹን እምበር ኣምላኽ ዚህበና ሓደ ፍታሕ ጥራይ እዩ ዘሎ ።

3 ናብ ሰማይ ዚወስድ እንኮ መገዲ የሱስ ክርስቶስ እዩ ።

ኢየሱስ ድማ፦ ኣነ መንገድን ሓቅን ህይወትን እየ፤ ብዘይ ብኣይ፥ ሓደኳ ናብ ኣብ ዝመፅእ የለን። ዮሃንስ 14:6
ክርስቶስውን ናብ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኺቕርበና፥ ጻድቕ እንትሎ ምእንቲ ሓጥኣን ሓንሳእ ንሓዋሩ መከራ ተቐቢሉ ሞተ። ብስጋ ሞተ፤ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ። 1ይ ጴጥሮስ 3:18
እቲ ብወልድ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለዎ፤ እቲ ብወልድ ዘይኣምን ግና፥ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ደኣ ኣብ ልዕሊኡ ይነብር እምበር፥ ንናይ ዘለኣለም ህይወት ኣይሪኣን እዩ። ዮሃንስ 3:36

4 ምእንቲ ድሕነትና ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ክንእመን ኣሎና ።

ድሕነትና ብጸጋ ኣምላኽ ክርከብ ዝከኣል ብየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ኢዩ ።
ንክርስቶስ ብምእማን፥ ብፀጋ ኢኹም ዝድሓንኩም። እዚዩ ከዓ ውህብቶ እግዚኣብሄር እዩ እምበር፥ ካባኻትኩም ኣይኮነን። ሓደኳ ኸይምካሕስ ብግብሪ ኣይኮነን። ኤፌሶን 2:8-9

ነዚ ጸሎት እዚኣ ብእምነት ናብ ኣምላኽ ንግበር፦
ጐይታይ የሱስ ስለቲ ንዓይ ዘላትካ ዓባይ ፍቕሪ ኣዝየ ኣመስግነካ። ሓጥእ ምዃነይ እእመን ይቕረታ ድማ እልምን እየ ። መቕጻዕቲ ሓጢኣተይ ንምኽፋል ኣብ መስቀል ስለ ዝሞትኩም ኣመስግነኩም ። ኣብ ትንሳኤኻ ኻብ ምዉታት እኣምን እየ ። ካብ ሕጂ ንዓኻትኩም ከም ጐይታይን መድሓንየይን እኣምነኩም ኣለኹ። ውህበት ዘለኣለማዊ ህይወትካ እቕበል ህይወተይ ከኣ ንዓኻትኩም ኣሕሊፈ እህበኩም ኣለኹ። ትእዛዛትካ ኽሕሉን ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኺ ባህ ከብለን ሓግዘኒ። ኣሜን ።

ብየሱስ ክርስቶስ ትኣምን እንተ ኾይንካ እዚ ዚስዕብ እዩ ኣጋጢሙካ ፦

- ምስ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ህይወት ኣሎካ ።
ኩሉ ንወልድ ሪኡ ብእኡ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክረክብ፥ ኣነውን በታ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ኸተስኦ እየ፤ እዙይ ፍቓድ ኣቦይ እዩ። ዮሃንስ 6:40
- ኩሉ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ኣሎ። (ሕሉፍ ሕጅን መጻእን)
ንሱ፥ ካብ ናይ ፀልማት ስልጣን ኣውፅኣና፤ ናብታ መንግስቲ ፍቑር ወዱውን ኣእተወና። ንሱ ብደሙ ተበዚወና፥ እዙይውን ስርየት ሓጢኣት እዩ። ቈላስይስ 1:13-14
- ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ።
እዚ መጀመርታ ሓድሽ ህይወትካ እዩ ።
ስለዚዩ ሓደኳ ብክርስቶስ እንተ ሃልዩ፥ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፤ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፥ እንሆ ኹሉ ሓድሽ ኮይኑ እዩ። 2ይ ቆሮንቶስ 5:17
- ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ ።
ነቶም ኩሎም ዝተቐበልዎን ብስሙ ንዝኣመኑን ግና፥ ውሉድ እግዚኣብሄር ክኾኑ ስልጣን ሃቦም። ዮሃንስ 1:12